# ሉቡዓን ንሓራሳት ክበጽሑን ብኸቢድ ንዝሓመሙ ተሓከምቲ ከሰንዩን ይኽእሉ ኢዮም።

ብኮቪድ ዝተለብዑ ሰባት ንነብሰጾራት ኣብ ሆስፒታል ከሰንዩን ብኸቢድ ንዝሓመሙ ተሓከምትን ዝኾኑ መቕርባቶም ክበጽሑን ይኽእሉ ኢዮም። ምብጻሕን ምስናይን ብርቱዕ ቕጥዕታት ሞያዊ ኣፍልጦ ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት ብምሙርኳስ ምስ ዝምልከቶም ጨንፈር ሆስፒታል ብምስምማዕ ክካየድ ኣለዎ።

–ኣብ ፍሉይ ኣጋጣሚታት ኣብ ከምኒ እዋን ሕርሲ ወይ ከቢድ ሕማምን ኣገደስቲ ዝኾኑ መቕረብካ ኣብ ጐንኻ ንክህልውኻ ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ ኢና ድማ ነቶም ብኮቪድ-19 ዝሓመሙ፡ ኮቪድ-19 ሓሚሞም ክነሶም፡ ብጾቶም ኣብ እዋን ሕርስን ከቢድ ሕማምን ሞትን ኣብ ጐኖም ንኽህልውሎም ነጣጥሓሎም ዘለና። እዚ ወላ ኣብቲ ተሓከምቲ ኮቪድ-19 ከም ዝሓመሙ ይረጋገጽ ብዘይገድስ ንክብጽሑን ክስነዩን እውን ዝምልከት ኢዩ ክትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል ብወገና ተመልክት።

ኣብ እዋን መላእ ለበዳ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ንኩነታት ኮቪድ-19 ኣብ መዳይ ኣገልግሎቶም ንምቊጽጻርን ለብዒ ንምብታኽን ድልዱል ዝኾነ ተመክሮ ደሊቦም ኢዮም። መብዛሕቲኦም ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ክኽሰቱ ዝጸንሑ ለብዕታት ብሰሪ ዝተለብዑ ከም ምኺኖም ዘይምፍላጦም ዝነበሩ ሰባት ኢዩ ኔሩ። ካብ ከም ዝተለብዑ ዝፈለጡ ሰባት ዝተኸስተ ለብዒ ከም ዘሎ ዘርኢ ጸብጻባት ውሑድ ኢዩ።

እዚ ዘመልክቶ እንተሎ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ንዘሎ ቅጥዕታት ምክልኻል ተላባዕቲ ሕማማት፡ ብሕልፊ ኣብ መዳይ ኮቪድ-19 ብዝምልከት ውሕሉል ከም ምኺኑ ኢዩ። ስለዚ ድማ ብኣረዳድኣ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን፡ ልቡዓን ኮቪድ-19 ንዝኾኑ በጻሕቲ ወይ ኣሰነይቲ ኣብ ንኣገልግሎት ጥዕናን ክንክን ንከኽትልዎ ዝኽእሉ ወሰኽ ለብዒ ይኹን ስግኣት ለብዒ ትሑት ኢዩ ብሃልቲ ኢዮም።

ብኮቪድ-19 ዝተለብዑ መቕርባንን ኣሰነይትን ቅድሚ ናብቲ ዝኸድዎ ትካል ጥዕና ምብጽሖም ኣቐዲሞም ክሰማምዑ ኣለዎምን፡ በቶም ትካል ዝወሃቦም ምኽርታት ድማ ክኽተልዎ ኣለዎም።